ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ حزب النهضة الإرتري

Eritrean Renaissance party

# መግለጺ ሓዘን ካብ ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራ

ሱዉእ ኩቡር ኣባል መሪሕነት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ (EPM) ኣያናን ኣቦናን ገዲም ተጋዳላይ ኣምበሳደር ብትማል ዕለት19 ለካቲት 2021 ብሞት ናብ ዓዲ ኩልና ብምኻድ ተፈሊዩና !! እዚ ኣብ መዳይ ኤርትራዊ ዕጥዊ ቅልሲ ዓቢ ዝናን ጅግንነትን ዘመስከረ ኣምበሳደር ኣድሓኖም፡ካብ ጉጅለ(G) 15 ጀሚሩ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እውን ኣብ ዝተፈለላየ ጽፍሕታት ደምበ ተቓውሞ ብምስላፍ ንግበታዊ ስርዓት ብምቅዋም ኣብ ኩሉ መዳይ ልዑል ወንን ክእልቱን ዘመስከረ'ዩ ኔይሩ።



ኣምበሳደር ኣድሓኖም ድሕሪ ንግበታዊ ስርዓት ምጥንጣኑ ፡ ጎኒ ጎኒ ፍትሒ ኣብ ምድላዩ ኣብ ገድላዊ ቃልሲ ኮነ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ዝደለቦ ሃብታምተሞክሮ እቲ ፍልጠቱን እምነቱ ናብ ኑኡስ ወለዶታት ንምብጻሕ ብምትላም ብተወፋይነት ኣብ ጹሑፋት መድረኻት ፡ ጥራይ ከይ ኣክል ኣብ ማዕከናት ንህዝቢ ዘርብሕ ትምህትታት ብምሃብን ብሓፈሻ ኣምበሳደር ኣድሓኖም ንልዕሊ 50 ዓመታት ካብ ዕድሚኡ ዝተቓለሰን ውጺትን ዝረኸበን ዕዉት ሓርበኛን ኢዩ ኔይሩ ፡ብኻልእ ሸነኽ እውን ብዘይካቲ ኣብ መስመር ቃልሲ ተሰሪዑ ኣብ ሰልፉ ፡ኣብ ኤዲኪ ፡ ኮነ ኤሃባዲለ ፡ ዓቢይ ኣበርክቶ ዝገበሮ ደላይ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ጅግና ፡ ብፍልጠቱ ብትብዓትን ምሕደራዊ ክእለቱን ዝልለ ጅግና፡ መቀጸልታ ናይ ጹኑዓት ኣቦታትና ብሙኳን ትማል ብሕማም ምኽኒያት ሂወቱ ምሕላፉ ኸቢድ ሓዘን ይስመዓና ።

ሱዉእ ኣቦናን ኣያናን  ኣድሓኖም ገብረማርያም ፣ ኩሉ እቲ ዘካየዶ ኣብነታዊ ቃልሲ ተግባራትን ሰብኣውነትን ኩሉ ተማሂሩ ኣብ ተግባር ክደግሞ እንዳተላበና እቲ ምእንቲ ቅዱስ ተግባር ዘካየዶ ኩሉ ቃልሲ ድማ ሰልፊ ትንሳኤ (ናህዳ) ኤርትራ ኣፍልጦ እንዳሃበ ፡ ብስም ኩሎም ኣባላት ሰ.ት.ኤ. ደጊምና ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ንደቁ ፡  ንምሉኣት ስድራ ቤት  ፡ንመሳርሕቱን ፡ ንኩሎም ብጾቱን ብሓፈሻ ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ቃልሲ ብጾቱን ፈተውቱን በዚ  ከቢድ ኣጋጣሚዚ ጽንዓት ይሃብኩም ይብል ።

**ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ትንሳኤ (ናህዳ) ኤርትራ**
**20  ለካቲት 2021**